ማርያም መምህር ምስጢር ልደት

12/30/2012

አስተንትኖና ብሕቶ ክንጅምሮ፡ መን እያ ማርያም? ማርያም ምስ አምላኽ ከመይ ዝበለ ርክብ ነርዋ?አብዚ እዋን ካብአ እንምሃሮ ነገር እንታይ አሎ? ደቂ ማርያም ዘብለና እንታይ እዩ? አብ ሕይወትና ከመይ ገርና ንማርያም ክነእትዋ ንኽእል? እዝን ካልእን ክንርኢ።

ሕይወት ማርያም ዝገልጽ ብዙሕ የብልናን እንተኾነ እቲ ዘለሎና ነቲ ቀንዲ ሕይወታ ዝገልጽ እዩ። ትውፊት ካብ ሕያዎት ወለዲ ከም እተወልደት ብንእስነታ አብ ቤተ መቕደስ ከም ዝዓበየት፣ ምስ ወለዳን ደቂ ዓዳን ጽቡቕ ርክብ ከምዝነበራ፣ ክንድሰብ ጎርዞ ምስ ኮነት ከአ እግዚአብሔር ከም ዝሓረያ እሞ አደ መድኃኒ ክትከውን ብመልአኹ ገሩ ከም ዝተዛረባ፣ ወዳ ክትወልድ እንከላ ዝገጠመ ኩሉ ተስተንትኖ ከም ዝነበረት፣ ምስ ወዳ ንስደት ከምዝኸደት፣ አብ ስብከት ዝጀመረሉ ምስኡ ከም ዝነበረት፣ አብ መጨረሽታ ክመውት እንከሎ አብ ትሕቲ መስቀሉ ኮይና ሕድሪ ከምእተረከበትና ንርኢ። ብሓፈሻ ሕይወት ማርያም ብምልኡ ምስ አምላኽን በቲ አምላኽ ዝደልዮ ጉዕዞ ዝኸይድ ዝነበረን እዩ። ኩሉ ሰብ ነዚ ሕይወት ክኽተል እንከሎ ካብ አምላኽ ርሑቕ አይኮነን። ንሳ ንምስጢር አምላኽ ክትቅበል ጸጋ ተዓዲላ ተረዲአቶ ፈሊጣቶ ስለዚ ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ። ምስ አምላኽ ርክብ ዘልኦ ሕይወት መለልይኡ ሕጉስ ንኹሉ ዝመጸ ብመንጽር አምላኽ ስለ ዝርእዮ አይገርሞን እዩ፣ ሕይወት ማርያም ብምልኡ እዚ መንፈስ ነርዎ።

አብ ታሪኽ ክርስትና ንሕይወት ማርያም አስተንቲኖም አብ ቅድስና ዝበጽሑ ብዙሓት እዮም። ነዚ መሰረት ገርክን ማሕበር ደቂ ኪዳነ ምሕረት አቕምክን ቅዱስ ማሕበር ንቅድስና ዝጽዕር ማሕበር። ስጋዊ ረብሓ አይኮነን ዓላምኡ መጀመርያ ንአኽን ተጠርኒፍክን ብመንፈስ ደቂ ማርያም ክትኮና ምስኡ ኸአ ንቤተ ክርስትያንክን ክተገልግላ። እዚ እዩ ዓላማ ማህበርክን። ደቂ ማርያም ባህሪ ማርያም ክትለብሳ እሞ ንአምላኽ ክተሕጉስኦ ክትፈልጥኦ ክትልአኻኦ ክትሰምዓኦ እዩ ዓላማ ሕይወትክን። ደቂ ማርያም ዘብለክን መንፈስ ማርያም ከም ዓላማ ገርክን አብ መዓልታዊ ሕይወትክንን አብ እትመርሕኦ ሕይወት ስለ እተንጸባርቆኦ ደቃ ኢኽን። ሎሚ አብ ልደት ንምብዓል አብ እንቀራረበሉ ዘሎና ጊዜ እምብአር ምስጢሩን ምስኡ ክህልወና ዝግብኦ ርክብ ብዝያዳ ክንርድአ አብ መምህርክንን አደኽንን ማርያም ቀሪብክን ክተስተንትና ምስአ ኮንክን ነቲ ኹሉ አምላኽ አብ ሕይወትክን ዝገበረልክን ክተመስግና እሞ በቲ አምላኽ ሂቡክን ዘሎ ጸዋዕታ ክተሓጉስኦ አብ ስድራኽን መብራህቲ ኮንክን አብ ቅድስና ክትመርሓ ንማሕበር ክርስቶስ ዝኾነት ዓባይ ገዛኽን ቤተ ክርስትያን ክተገልግላ እሞ ኩሉ ጊዜ መንፈስ አምላኽ ክተርእያ ሎሚ ከም ማርያም ሕራይ ንኹሉ ኢልክን መብጽዓኽን እተሓድሳሉ እዋን እዩ። አደ እንተ ተቐደሰት ኩሉ ገዛ እዩ ዝቕደስ እሞ ንቅድስና ንፍቕሪ ንሓቂ ክትጸምአኦ እሞ ክትደልያኦ ፍቓደኛታት ክትኮና ንማርያም ርአያ። ካብ ማርያም እንምሃሮ ብዙሕ እዩ እሞ ገለ ክንርኢ ብፍላይ አብ እዋናት ልደት ክንርእዮ እንኽል እሞ ንመንፈስና ዝሕድስ ክንርኢ።

ሕይርየታ፡

አደ አምላኽ ክትከውን አብ መደብ አምላኽ ነራ። ቅድሚ ምፍጣራ ንሳ ነቲ ቀዳሞት ወለድና ዝበተኽዎ ርክብ አምላኽን ሰብን መሳርሕቲ አምላኽ ኮይና አብ ንቡር ርክብ መሊሳቶ። ነብያት ብፍላይ ኢሳያስ ነብይ ድንግል ክትወልድ እያ እናበለ ብዛዕባ ማርያም ተዛሪቡ። ኤርምያስ ነብይ ብዛዕባ ሕርየቱ ክዛረብ እንከሎ “አብ ከርሢ አይከይሓነጽኩኻ ኃረኹኻ፣ ከይተወለድካ ኸአ ቀደስኩኻ ንሕዛብ ነቢይ ኽትከውን ድማ መደብኩኻ” (ኤር 1፡4~5) ይብል እዚ ምስ ናይ ማርያም ሕርየት ክንርእዮ ንኽእል፣ ካብ መጀመርያ አምላኽ ሓርይዋ። ሕይርየት ማርያም ግዚኡ ምስ በጽሐ መልአኹ ልኢኹ አበሲርዋ።

ገብርኤል መልእኽ ማንም ሰላምታ አይኮነን አቕሪብላ "ሰላም ንአኺ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ ንስኺ ካብ አንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ" "ኦማርያም አብ ቅድሚ አምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ አይትፍርሒ" ኢልዋ። ገብርኤል ሓደ ካብቶም አብ ቅድሚ አምላኽ ዝቖውም ልኡኽ አምላኽ ዓበይቲ ብስራታት ዘበስር እዩ። ንሱ ንዘካርያስ ክህን ኤልሳቤጥ ሰበይቱ መኻን እትብሃል ዝነበረት ከም እትወልድ ዘበሰረ እዩ። ንማርያም ከበስራ እንከሎ ዓቢ ብስራት ግን ክትርድኦ ዘይክአል እዩ ሒዙላ መጺኡ። ማርያም ካብ አምላኽ ዝመጻእኩ እየ ንዝብል መልሲ ክህትበሉ ጊዜ አይወሰደትን "እነኾ አነ ባርያ እግዚአብሔር እየ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ" እናበለት እሽትአ ገሊጻ። ኩሉ ክብሪ ማርያም ዕብየት ማርያም አብዚ እዩ ዝምስረት።

ኩልና በብሕይወትና ዝተሓረና ኢናእግዚአብሔር ንፍሉይ ዓላማ ሓርዩና እዩ። አብ መደብ አምላኽ ነፍስወከፍና እጃምና ንቅድስና ነፍስናን ንቅድስና ሓውናን ሓፍትናን ዝተሓረና ኢና። ቅዱስ ጳውሎስ ሕሩያት ደአምላኽ እናበለ ናይ ሓደ ክርስትያን እብየትን ቅድስናን ይንዛረብ። አብ ቤተ አቦና ደቂ ቤት ኮና ክንልእኽ ክንምስክር ሕሩያት ኢና። ንስኽን ደቂ ማርያም ከም ኩሉ ሰብ ፍሉይ ጸዋዕታን ሕርየትን አሎክን። ነዚ ጸጋ ዝበዝሖ ሕርየትክን ኩሉ ጊዜ ክትርእያኦ ከትዝንግዓ አነስ ብአምላኽ ንፍሉይ ነገር ዝተሓረኹ እየ ኢልክን መገዲ ቅድስና ሕላገትክን ገርክን ክትጉዓዝ ይግባእ።

ንአምላኽ ሕራይ ኢልካ ምኽአል።

አምላኽ ንማርያም ምስ ሓረያ ሱቕ ኢሉ ትእዛዝ አይኮነን ዝሃባ እሽትአ ሓቲቱ ንሳ ኸአ ተቐቢላቶ ካብኡ ንድሓር ዘሎ ሕይወታ ኩሉ ምስ አምላኽ ምስራሕ እዩ። ጣዕሚ ጸጋ አምላኽ ዓብያትሉ አስተንቲናቶ እያ። አብ ቤት አምላኽ ምንባር ንማርያም ልዕሊ ኹሉ እዩ ነሩ። ከም ኩለን አይሁድ አብ ቤተ መቕደስ ከይዳ ጸሎት ትገብር ከም ዝነበረት ሕይወታ ይነግረና። ምስ አምላኽ ምዝራብ ትፈልጠን ትገብሮን ነራ። ሰብ አብ ሕይወቱ እቲ ዝዓበየ ጸጋ ዝረክብ ንአምላኽ ክሰምዕ እንተ ኸአለ እዩ። ንሕና ብአፍና ሕራይ ብግብርና ግን ካልእ እንኸውን ስለ ዝኾና ይኸብደና እዩ። ካብ አምላኽ ንዝመጽእ ኩሉ ሕራይ ኢልና እንተ ኸአልና አብ ሓጎስ አብ ቅሳነት ኢና እንነብር። ማርያም ንአምላኽ ሕራይ ኢልና ክንክእል መምህርና እያ። ሎሚ አብዚ እዋን አምላኽ እንታይ ክንሰምዖ ይደልየና አሎ። ብአና ገሩ ክልእኮ ዝደሊ ነገር እንታይ አልኦ። አነኸ ከም ማርያም ክልአኾ ፍቓደኛ ድየ? አምላኽ ልኡኽ ይፈቱ እዩ። "ሽዑ እግዚአብሔር ንመን ክንልእኽ መንከ ኪኸደልና እዩ ኪብል ሰማእኩ አነውን እኔኾ ልአኸኒ በልኩ" (ኢሳ 6፡8) ዝብል ነንብብ። ሕይወት ማርያም በዘን ቃላት ኢሳይያስ እየን ዝልለያ። ንደቂ ሰብ ከድሕን መዲበ አሎኹ እሞ ተለአኽኒ ምስ በላ ተቐላቲፋ ንልኡኽ ምኺን ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ። ልኡኽ ምኺን ሓላፍነት አልኦ ስለዚ ማርያም ብምልኡ ነቲ አምላኽ ዝልእኾ ክትለብስ ሕይራይ ኢላ።

ሕይወትና ሓለዋ ዘድልዮ እዩ። ሕራይ ኢሉ ኃል መገዲ ዝመርጽ ስለ ዝኾነ ኩሉ ጊዜ መገደይዶ ሒዙ አሎኹ ኢልና ክንሕልዎ የድልየና። አብ ሕይወትክን ከም አደታት አሓት ከም ደቂ ቤተ ክርስትያን እሞ ሕሰባ ክንደይ ጊዜ እዩ ዛሕሊ መንፈስ ወይ ካብቲ ክትገብራኦ እትደልያኦ ግን ዘይትገብራኦ ወይ እውን እናፈልጥክን ነቲ ሓቂ ሽለል ኢልክን ነቲ ቅድስና እትዝንግዓኦ ስለዚ ንአምላኽ ሕራይ ኢልና ከይንጠልሞ ክንጥንቀቕ የድልየና። ነቲ ሕራይ ኢለ ዝተቐበልክዎ ክፍጽም ሓግዘኒ ኢልና ኩሉ ጊዜ ክንጽሊ ይግብአና። ማርያም ካብቲ ብዙሕ ቀዳመይቲ ሓዋርያ ዘብላ ንኽትልእኽ ሕራይ ስለ እትብል እዩ። ንስኽን ደቂ ማርያም መለልዩ ጉልባብክን ንማርያምን ወዳን ክትልእኻ ሕራይ ምባል እዩ።

ንስባት አብ አምላኽ ክንመልስ ክልእከና ድላዩ እዩ።

ማርያም መለልይአ ንስባት ምስ ወዳ ምርኻብ እዩ። ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ምሕረት ጸጋ ክትረኽቡ ትብለና። ንሳ ወዳ መን መኻኑ ስለ እትፈልጥ ንስባት አብኡ ክመጽኡ ትሕግዝ። ልኡኽ ክትከውን መልእክትኻ ምፍላጥ ከምኡ አበይን ከመይን ገርካ ነቲ ልኡኹ ከምቲ ልእኺ ዝደልዮ ገርካ ክተብጽሕ ፍቓደኛ ምኺን የድሊ። ንስኻትክን ደቂ ኪዳነ ምሕረት ብዓቕምኽን ንአምላኽ በቲ ዘሎክን ሕይወት ትለአኽኦ አሎኽን። አብ ሕይወትክን ንቅድስና ክትለብሳ ሕሩያት ኢኽን። ንገዛኽን ንስድራኽን ንቤተ ክርስትያንክን ክትቅድሳ ልኡኻት አምላኽ ኢኽን። ተልእኮኽን ዓቢ እዩ። አብ ገዛኽን መማህራን ጸሎት ንስኽን ኢኽን። ገዛኽን መንፈስ አምላኽ እትልብስኦ ቤት ሰላም ቤት ምሕረት እትገብራኦ ንስኽን ኢኽን። መልእኽትኽን ሓደ ጊዜ አብጺሕካዮ ዝውዳእ አይኮነን ቀጻሊ እዩ። ከም መብራህቲ ኮንክን ንአምላኽ ክተዘኻኽራ መልእኽትኽን እዩ። ንሕይወተይ ንቤተይ ጸጋ አምላኽ አዘኻኽሮ ዘሎኹ ክትብላ ይሕግዘክን እዩ። ካብ ማርያም እትምሃርኦ ነገር እንተሎ ነቲ አምላኽ ካባኽን ዝደልዮ ምፍጻም እዩ። ቀዳሞት አርድእቲ ኢየሱስ ምስኡ ምስ ወዓሉ ንካልኦት አብ ኢየሱስ ከምጽኡ ተዋፊሮም። ምስ ኢየሱስ ውዒልና ረኺብናዮ ንኡናይ ክትረኽብዎ እናበሉ ንብዙሓት አብ ኢየሱስ አምጺኦም። ሎሚ ንሕና ኢና አብ ኢየሱስ ክመጽኡ እንሕግዝን እንልእኽን። ደቂ ማርያም ቀዳማይ መልእኽተን ንስድርኤን ንሓዳረን ንደቀን አብ ኢየሱስ ምቕራብ እዩ።

ድላይ አምላኽ ምስተ ቐበልና ክንምስክሮ ይግብአና።

ማርያም ገብርኤል ኩሉ ምስ ነገራ ሕራይ ኢላ ምስ መለሰት ካብቲ ዝተዋህባ ሓበረታ መሰረት ንኤልሳቤጥ ዘመዳ ሓገዝ ዘድልያ ዝነበረት ክትሕግዝ ከይዳ። ኤልሳቤጥ አብ ዕብየታ ዝጸነሰት ናይ ብሓቂ ሓገዝ ዘድልያ እያ ነራ። አምላኽ ባዕሉ እዩ ሓጋዚ ልኢኹላ። ነደ ወዲ ክተገልግል ደልዩዋ። ወንጌል ተቐላጢፋ ንዝባን ይሁዳ ናብ ቤተ ዘካርያስ ከይዳ። ነውሕ ጉዕዞ እዩ ነሩ። በቲ ጊዜ ጓል አንስተይቲ እሞ ንእሽቶ ክትከደ ዘፍርሕ እዩ ነሩ እንተኾነ ኤላሳቤጥ ሓገዝ የድላያ ስለ ዝነበረ ንነፍሳ ከይፈርሐት ተቐላጢፋ ከይዳ።

- **ማርያም ክትልእኽ ፍቓደኛ እያ።** አብ ቤት ዘካርያ ክትሕግዝ ክተገልግል ከይዳ። ንጽጉማት ክትሕግዝ ኩሉ እቲ ዝድለ ክትገብር ከይዳ። ጸገም ይርድአ እዩ ክትሕግዝ ፍቓደኛ እያ። አብ ቤትና አብ ርክብና አብ ኩሉ ማርያም ክትመጽአና ንጸውዓያ። እንዳ ዘካርያስ ማርያም ንበይና አይኮነትን መጺአቶም። ምስ ወዳ አብ ማሕጸና እያ አገልጊላቶም። አገልግሎት ማርያም ምስ ናይ ወዳ ዝተተሓሓዘ እዩ። ንሳ አብ ዘላቶ ወዳ ምስአ ነሩ ንሳ አብ ዝኸደቶ ምስአ ነሩ እዚ አብ ቤት ዘካርያስ ፍሉይ ጸጋ አውሪድሎም። አምላኽ ብማርያም ክበጽሓና ንለምኖ ምኽንያቱ ንሳ ክትመጸና እንከሎ ንአኡ ሒዛ ስለ እትመጽእ።
- **ማርያም ንኢየሱስ ሒዛ ትመጽአና።** ንጎቦታት ይሁዳ በይና አይተጓዕዘቶን ወዳ ምስአ እዩ ነሩ አብ ማሕጸና ነሩ። አብ መገዲ ተስተንትን ነራ። ንአምላኽ ተመስግን ነራ። ምስ ወዳ አብ ማህጸና እንከሎ ትዛረቦ ነራ። ኤልሳቤጥ ማርያም ክትመጽእ ምስ ረአየታ ቃል ሰላምታ ማርያም ምስ ሰምዐት እቲ ሕፃን አብ ከርሣ ተሰራሰረ። አብዚ ቅ. ዮሓንስ ብሓጎስ ተሰራሲሩ ናይ ማርያምን ኢየሱስን ምምጻእ ንአኡ ጸጋ መሊእዎ። አበው ጸጋ ጥምቀት ተቐቢሉ ይብሉና። ማርያምን ኢየሱስን ክመጽኡ ከለዉ ምሉእ ድሕነት የምጽኡልና መንፈስ ቅዱስ ይመልአና። ኢየሱስ ብማርያም አቢሉ አብ ቤተ ዘካርያስ አትዩ። መጀመርያ በረኸት ክርስቶስ ዝተቐበለት ስድራ አብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ገዛ ዘካርያስ እያ። እዚ ኸአ ብሳላ ማርያም እዩ ኮይኑ። ንስኽን አሕዋትን ደቂ ማርያምን ንክርስቶስ አብ ልቢ ሰባትን ገዛኽንን ክተምጽአ ድላይ አምላኽ እዩ። ንስኽን ዝአቶኽንኦ ቤት ጸጋ

ክአትዎ ንስኽን ዝተሓወስክንኦ ጸገም አብ ራህዋ ክቕየር ዓቢ ተራ አሎኽን። ንኢየሱን ማርያምን አብ ኩሉ ክተብጽሓ ልኡኻት ኢኽን። አብ መዓልታዊ ሕይወትክን አብ አዘራርባኽን አብ ምስ ሰባት እትገብርኦ ርክብ መንስ ኢየሱስ አርእያ።

- ማርያም ምስአ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእ። ኤላሳቤጥ ሰላምታ ማርያም ምስ ሰምዐት መንፈስ ቅዱስ መልአ ይብለና ሉቃስ ወንጌላዊ። ነቲ ዝተሰምዓን ዝፈልጠቶን ዓው ኢላ "ንስኺ ኻብ አንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ እቲ ኻባኺ ዝውለድ ሕፃን እውን ዝተባረኸ እዩ አደ ጎይታይ አባይ ክትመጽኢ እዚ ካበይ ኮነለይ" እናበለት ተዛሪባ። መንፈስ ቅዱስ ዝመልኦ ሰብ ዓው ኢሉ እዩ ዝዛረብ ሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ምስ ተቐበሉ ክሳብ ጉያሽ ሰትዮም እዮም ዝብልዎም ዓው ኢሎም ተዛሪቦም። ኤላሳቤጥ ከአ ሓደ ከይነገራ ማርያም ብመንፈስ ፈሊጣ አደ ጎይታ ትብላ። ምጽናሳ እውን ትፈልጥ አይነበረትን እንተኾነ አምላኽ ገሊጹላ አብ ከርሲ ማርያም ዘሎ ፈሊጣቶ። ማርያም አብ ዝተጓዕዘቶ አምላኽ ምስአ አሎ። ሎሚ ንስኽን ደቂ ማርያም መንፈስ ማርያም ለቢስክን አብ ዝአቶኽንኦ መንፈስ አምላኽ ክወርድ ሓግዛ። ንስኽን ዝተሓወስክንኦ ባይቶ ንስኽን ዝተሓዋስክንኦ ጉዳይ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝሓድሮ ግበራ።
- ማርያም ንኹሉ አብ ልባ ትሕዞ ነራ። ንምስጢር አምላኽ ርእያ ምስ ከአለት ትግረም አይነበረትን ምኽንያቱ ድሮ ምስኡ ተወሃሂዳ ብምሉእ እምነት ትጉዓዝ ስለ ዝነበረት። ሰብ ሕይወቱ ምስጢር ብምሓስ ዘረባ ብዘይምብዛሕ ክመርሕ እንከሎ ምልኪ ርእሱን ቅሳነትን አልኦ። ማርያም ነቲ ብመልአኽ ዝተነግራ ከምኡ ነቲ ኩሉ ዝኾነ ነገር ምስ ረአየት አብ ልባ ትሕዞ ነራ ተስተንትኖ ነራ። ደቂ ማርያም ሓደ ዓቢ ነገር ካብ አዲኤን ዝምሃርኦ ንኹሉ ጽቡቕ ነገር አብ ልበን ሒዘን ክኽእላ። ነቲ አምላኽ በብአዋኑ ዝገልጸለን ዝህበን ተረዲኤን አብ ልበን ክሕዛኦ ይግባእ። ምስጢር አምላኽ አብ ልቡ ዝሕዝ አይጋገን እዩ፣ ንአምላኽ ዝርእያ አዕይንቲ ሕልና ይውሃብኦ ስለዚ ፍቁራት አሓት ንኹሉ አብ ልብኽን ክትሕዛ እንተ ኾአልክን ብዙሕ ዝድሕን ነገር አሎ። ወረ ምብዛሕ ንሰብ ብዘረባ ምልኻዕ መንፈስ ቀዲ ማርያም አይኮነን እሞ ርእስኽን መሊኽክን ክአላ ንማርያም ስዓብአ ንኹሉ አብ ልብኽን ሓዝኦ።
- ደቂ ማርያም አገልግሎት እዩ ክብረተን። ማርያም ክተገልግል እያ ንቤት ዘካርያስ ከይዳ። ንዕረፍቲ ንዙረት አይኮነትን ከይዳ። ሰለስተ ወርሒ አገልጊላ ንቤታ ተመሊሳ። ንጽጉም ምግልጋል ንሓገዝ ዘድልዮ ምሕጋዝ መንፈስ ደቂ ማርያም እዩ። ንስኽን እዚ እዩ መንፈስ ማሕበርክን። ክተገልግል አብ ገለ እዋን ጥዑም አይኮነን እንተኾነ መንፈስ ማርያም ድሕሪ አቕድምክን አገልግሎትክን በረኸት አልኦ። ንቤተ ክርስትያንክን ክተገልግላ እንከሎኽን ንዝሓዘነ ክተጸናንዓ እንከሎኽን ስራሕ ማርያም ኢኽን እትገብራ። አብ ምግልጋል ደኺምና አይትበላ ዘገልግል ዓስቢ አልኦ። አብ ማሕበር ዘገልግል ምማሕብር ክርስቶስ ስለ ዘገልግል ዓስቢ ካብ አምላኽ አለዎ፣ አብ አገልግሎት ክትወፍራ ከሎኽን ወንጌል ኢኽን እትሰብካ። ብፍላይ ንጽጉም ንሕዙን ክተገልግላ ከሎኽን አምላኽ ይሕግዘክን ጸግኡ የውርደልክን።

ማርያም ምስ ኤልሳቤጥ ሰለስተ ወርሒ ተቐሚጣ።

አብተን ማርያም ምስአ ዝነበረትለን እዋን ኤልሳቤጥ ምስ ስድርአ ዓቢ ጸጋ ወሪድዋ። አምላኽ ብርእሱ ጋሽኦም ኮይንዎም። አብ ቤቶም ሓዲሩ። ገዝኦም ቤተ አምላኽ ኮይኑ። እዚ እዩ ናይ ሓንቲ አደ ጸዋዕታ ገዝአ ቤት አምላኽ ክትገብር። ንማርያም ምጽዋዕ ምስ ማርያም ምርኻብ አብ ገዛና አብ ቤት አምላኽ ይልወጥ። አብዚ እዋን ልደት አብ እንቀራረበሉ ዘሎና ጊዜ ቤትና ሕይወትና ቤት አምላኽ ክንገብር እዩ ዝድለ ዘሎ። እግዚአብሔር ብአኽን ገሩ አብ ቤትክን አብ ሓዳርክን አብ ቤተ ክርስትያንክን ክሓድር ይደሊ አሎ። ከም ማርያም ሓፍትኽን ሕራይ እቶ በልኦ። አምላኽ አብ መንጎና ክሓድር ጸግኡ ክበዝሕ ናታትክን ተራ እዩ። ባህሪ አደ ፍቕሪ

ምሕረት ምድንጋጽ ምፍራሕ እዩ። ልብኽን ርሕሩሕ እዩ ባህርኽን ንሰብ አይኮነ ንአምላኽ እውን ይእዝዝ እዩ። ጸሎትክን ንብዓትክን ንአምላኽ ይእዝዞ እዩ። ቃል ወላዲት ንልቢ ዝሰብር እዩ አብ ቃና ዘገሊላ ንዋዳ ለሚናቶ ሰሚዕዋ ሎሚ ንስኽን እዚ እዩ መንፈስክን ክኸውን ዘለዎ።

ማርያም ምሳና ክትቅመጥ ንዓድማ። አብዚ እዋን ብፍሉይ ንጸውዓያ አብ ማእከልና ክትርከብ እሞ ምስ ወዳ ክተራኽበና። ሰብ ጋሻ አብ ገዝኡ እንተ መጸ እሞ ዝፍቶ ጋሻ ሓጎስ እዩ ዘምጽአልካ ንማርያም ጋሻና ንግበራ።

እዚአ አደኹም ሓጋዚትኩም ካብ ሎሚ ንድኃር ንሳ እያ አደኹም ኢሉ አብ መስቀል እንከሎ ተላቢዩ ሂቡና። ውሉድ ነዲኡ/አ ክትልምና እንከላ ወላዲት ጨካን አይኮነትን ስለዚ ማርያም አደና ስለ ዝኾነት ድላይና ክትህበና ሰላም ፍቕሪ ክተውርደልና ንወዳ ክትልምነልና ንለምና።

ልደት ፍሉይ ዝገብሮ ሰላም ፍቕሪ ምሕረት ስለ ዘምጽአልና እዩ። መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ስጋና ለቢሱ ደቂ ሰማይ ገሩና አፍደገ ሰማይ ከፊቱልና ነዚ አብ ማርያም ምስ ሓደረ ፈጺምዎ ማርያም እምብአር ፍልይቲ ፍጥረት እያ አብነታ ክንክተል ብፍላይ ንስኽን ብባህሪ ደቃ ዝኾንክን ክትመስልአ ክትቅደሳ ንዕሞቅ ምስቲር ትስብእቲ ክርስቶስ ብዝያዳ ክትርድእኦ እሞ መንፈስክን ተሓዲሱ ንወገንክን ክትሕድሳ ምቹእ እዋን እዩ።

ጸሎት መለለይኽን ክትገብራ ከመይ ማርያም ንኹሉ ብጸሎት እያ እትመርሖ ነራ። ደቂ ማርያም ጸሎት ክፈትዋ ከለዋ ደቂ ማርያም ቤተ ክርስትያን ክመፍዐ ከለዋ ዓቢ ጸጋ አልኦ። ብርሃን አደ አብ ኩሉ እዩ ዝበጽሕ ስለዚ ብርሃን አደኽን ርኢኽን ንስድራኽን ንቤተ ክርስትያንክ ብርሃን ኩና።

ማርያም ብአማልድነታ ጸጋ ወዳ ተብዝሓልን ብሩኽ ልደት መድኃኒና ክርስቶስ ይግበረልክን።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ